# ናይ ሳኪማ መዝሙር


Ursula Nafula

Peris Wachuka

Daniel Berhane Habte


3

ትግርኛ ti

ሳኪማ ምስ ወለዱን ኣርባዕተ ዓመት ዝዕድሚኣ ሓፍቱን ይነብር ነበረ። ኣብ መሬት ናይ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ይነብሩ ነበሩ። እታ ብሳዕሪ ዝተኸፍከፈት ኣጉዶኦም ኣብ መወዳእታ ናይ መስርዕ ኣግራብ እያ ተደኲና።

ሳኪማ ወዲ ሰለስተ ዓመት እንከሎ፡ ሓሚሙ ብርሃን ኣዒንቱ ሰኣነ።
ሳኪማ ውሑሉል ወዲ እዩ ዝነበረ።

ሳኪማ ካልኦት ደቂ ሽዱሽተ ዓመት ቈልዑ ክገብርዎ ዘይክእሉ ነገራት ይገብር ነበረ። ንኣብነት፡ ምስ ዓበይቲ ደቂ ዓዱ ኮፍ ኢሉ ብዛዕባ ኣገደስቲ ጕዳያት ክመያየጥ ይኽእል ነበረ።

ወለዲ ናይ ሳኪማ ኣብ ገዛ ናይቲ ሃብታም ሰብኣይ ይሰርሑ ነበሩ። ጋሕጋሕ ንግሆ ካብ ገዝኦም ይወፍሩ ምሸት ምስጸልመተ ድማ ይምለሱ ነበሩ። ሳኪማ ምስ ንእሽቶ ሓፍቱ ኣብ ቤት ይተርፍ ነበረ።

ሳኪማ መዛሙር ምዝማር ይፈትው ነበረ። ሓደ መዓልቲ ኣዲኡ፡ “ኣበይ ኢኻ ትመሃሮ ዘለኻ እዚ መዛሙር፡ ሳኪማ” ክትብል ሓተተቶ።

ሳኪማ ከምዚ ክብል መለሰ፡ “ሱቕ ኢሉ እዩ ዝመጻኒ፡ ኣደይ። ኣብ ርእሰይ እሰምዖ ሸዑ እዝምሮ።”

ሳኪማ ንንእሸቶ ሓፍቱ ክደርፈላ ይፈትው ነበረ፡ ብፍላይ፡ ጥሜት እንተተሰሚዕዋ። ነታ ዝፈትዋ መዝሙር ክዝምራ ከሎ ሓፍቱ ትሰምዖ ነበረት። በቲ ዘህድእ ጣዕመ ዜማ ትቌጻጸይ።

“ደጊምካ ደጋጊምካ ክትዝምራ ትኽእል’ዶ፡ ሳኪማ” ብምባል ሓፍቱ ትልምኖ። ሳኪማ ሕራይ ኢሉ ደጋጊሙ ይዝምረላ።

ሓደ መዓልቲ ወለዱ ናብ ገዛ ምስተመልሱ፡ ዝን ኢሎም ነበሩ። ሳኪማ ገለ ጸገም ከምዝነበረ ተረደአ።

“እንታይ እዩ እቲ ጸገም፡ ኣደይ፡ ኣቦይ?” ክብል ሳኪማ ሓተተ። ሽዑ ወዲ እቲ ሃብታም ሰብኣይ ከምዝጠፈአ ነገርዎ። እቲ ሰብኣይ ሓዚኑን ብጽምዋ ተበሊዑን ነበረ።

“ክዝምረሉ እኽእል እየ። ዳግም ክሕጐስ ይኽእል ይኸውን እዩ።” ክብል ሳኪማ ንወለዱ ነገሮም። ወለዱ ግን ከበር ኣይሃብዎን። “ንሱ ኣዝዩ ሃብታም እዩ። ንስኻ ድማ ሓደ ዕዉር ቈልዓ ኢኻ። መዝሙርካስ ክሕግዞ ይኽእል’ዩ ኢልካ ትሓስብ?”

እንተኾነ ግና፡ ሳኪማ ተስፋ ኣይቈረጸን። ንእሸቶ ሓብቱ ድማ ደገፈቶ። ከምዚ ድማ በለት፡ “ናይ ሳኪማ መዛሙር ክጠምይ ከለኹ የተሃዳድኡኒ እዮም። ነቲ ሃብታም ሰብኣይ’ውን ከጸናንዕዎ ይኽእሉ እዮም።”

ንጽባሒቱ፡ ሳኪማ ናብቲ እንዳ ሃብታም ሰብኣይ ክትመርሖ ነታ ንእሽቶ ሓፍቱ ሓተታ።

ኣብ ትሕቲ ሓደ ዓቢ መስኮት ደው ኢሉ እታ ዝፈትዋ መዝሙር ክዝምር ጀመረ። ቀስ እናበለ እቲ ሓለቃ ናይቲ ሃብታም ሰብኣይ በቲ ዓቢ መስኮት ክቕልቀል ጀመረ።

እቶም ሰራሕተኛታት ካብቲ ዝሰርሕዎ ዝነበሩ ኣቋረጹ። ናይ ሳኪማ ምኡዝ መዝሙር ክሰምዑ ጀመሩ። ሓደ ሰብኣይ ግን ከምዚ በለ “ንጐይታና ከጸናንዖ ዝኽኣለ ዋላሓደ የለን። እዚ ዕዉር ቈልዓ’ኸ ከጸናንዖ ድዩ ዝሓስብ ዘሎ?”

ሳኪማ መዝምሩ ምዝማር ወዲኡ ክምለስ ተበገሰ። እቲ ሃብታም ሰብኣይ ግና እናጐየየ ወጺኡ፡ “በጃኻ እንደገና ዘምር።” በሎ።

ልክዕ ኣብታ ግዜ’ቲኣ ክልተ ሰብኡት ኣብ ቃሬዛ ሓደ ሰብ ተሰኪሞም መጹ። ወዲ እቲ ሃብታም ሰብኣይ ተቐጥቂጡ ኣብ ጸግዒ ጽርግያ ተደርብዩ ረኺቦሞ ነበሩ።

እቲ ሃብታም ሰብኣይ ንውዱ ዳግም ምርኣዩ ኣዝዩ ተሓጐሰ። ስለዘጸናንዖ ንሳኪማ ሸለሞ። ኣዒንቲ ሳኪማ መታን ዳግም ክርእያ ድማ ንወዱን ንሳኪማን ናብ ሕክምና ወሰዶም።

# Global Storybooks

globalstorybooks.net

## ናይ ሳኪማ መዝሙር


Ursula Nafula
Peris Wachuka
Daniel Berhane Habte


CC BY